# ኣል ዳዕዋ

ብማሕበር እስላማዊ ምትሕግጋዝ እትዳሎ መጽሔት ቁ:40 *10.2006 http://www.aldawa.de*




## ትሕዝቶ ሕታም


| | |
|---|---|
| ንቃሕ ተባራበር …. | 1,2 |
| እፍር ኣለኹ ……. | 3,4,5 |
| ቅንኢ ዓስብ …… | 5 |
| ኣቡና ኣደም ….. | 6,7,8 |
| ኣቡ ሁሬራ …… | ***8,9,10*** |
| መልሲ ንሕቶታት… | 11 |
| لطائف رمضانية | **12,13** |
| ***Ramadan …….*** | ***13-16*** |


## ርእሰ ዓንቀጽ

### *ንቃሕ ተባራበር ኣብ ዓሚቕ*
### *ድቃስ ዘለኻ ኣስላማይ*

ምዕራባዊያን የቀኒየልና የቀኒየልና
ኣብ ካሕሳኹም የውዕለና
እንዳ ደጋገምኩም ተባራቡሩና
ኣይፈለጥኩምን ዲኹም ኣብ ዓሚቕ ድቃስ ከምዘለና

ኣይትታሃወኹ ቁርብተይ ጊዜ ሃቡና
ገና ኣይተሳእናን ካብ ዓራትና
እትፍጽምዎ ዓመጽ ኣብ ልዕሌና
ቅጭጭ ከይበለና ነሕልፎ ከም ዘይናትና

ኣብ ገጽ 2 ይቕጽል

## <u>*ንቃሕ ተበራበር …………*</u>

ኣብ ገለ ቦታታት ብሕጃብ ትኽልኩሉና
ብኢደ ወነንኩም ዘይሽምና ተልጉቡልና
ደም ንጹሃት ኣሕዋትና ክፈስስ እንዳረኤና
ኩሉ ዝወርደና ፈተነ ሸለል ምስበልና

ሕጂ ድማ ብዘይ ይካኣል መጺእኩሙና
በቲ ሽሪፍ ዓፊፍ ዝኾነ ነብይና
ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን  ዘእተወና
ነዓና ክብል ክንደይ ሽግርን ጸበባን ዘሕለፈ
ኩሉ መንገዲ አጽሪዩ ገዲፉልና ሓንቲ ከየትረፈ

እንታይ እሞ ክኸውን ንሕና እንዶ ሓሚቅና
ነቲ ፈትፊቱ ዘቅረበልና
ንምብልዑ ጸጊሙና
ገሌና ኣፍና ይጠፍኣና
ገሌና ድማ ኣታሕዛ ማንካ ይኣብየና

ክሳብ መዓስ ኢና ከምዚ ኢልና ከነሕልፎ
ሕጅስ ንንቃሕ ንበራበር ድቃስ ንግደፎ
ንንቃሕ ንበራበር ድቃስ ንግደፎ

እቲ ሰማይን መሬትን ዝፈጠረ ጎይታና
ከምዚ ዝስዕብ ኢሉ ሞጎሶ ንነቢይና
*“ ወኢንካ ለዓላ ኹሉቂን ዓዚም “*
وإنك لعلى خلُق عظِيم

ኣብ ካልእ ጥቅሲ እውን ይደግመልና
*“ ወለው ኩንታ ፈዘን ቐሊዘል ቀልቢ*
*ለንፈዱ ሚን ሓዎሊክ‘*
ولو كُنت فَظّاً غَلِيظَ القَلْبِ لانفَضوا مِن حولك

እዞም እንታይነቱ ዘይፈልጡዎ ንነቢይና
ከጸልምዎ ይርከቡ ብድርቅና
መጀመርታ ገበነኛታት ንኸውን ኣንሕና
ከነፍልጦም ይግባኣና ታርኽ እስልምና
ኣርረሱል (ሰ.ዓ.ወ.) ከምዚ ኢሎም የጠንቁቁና
- መንከዘበ ዓይኒ ሙተዓሚደን ፈልየተበዋእ
መቅዓድሁ ሚነን ናር:
እዚ እንካብ ኮነ ትእዛዝ ነብይና
ኩልና ዲንና ክንፈልጥ ክንዕለም ኣሎና
ነቶም እንዳ መላለሱ ዘይሽሙ ዝህቡዎ ንእስልምና
ክንካተየም ንኽእል ኣፍና መሊእና
በቲ ዝርድእዎ ቛንቋ መጻሕፊቲ ተርጊምና
ዲንና ከነስፋሕፍሕ ነፈሲ ወከፍ ግዴታ ኣሎና
ኣረሱል ሰ/ወ/ወ ከምዝበሉና
በሊቁ ዓንኒ ወለው ኣያ

**መጽሔት ኣልዳዕዋ ብማሕበር**
**እስላማዊ ምትሕግጋዝ ኣብ ሃገረ**
**ጀርመን እትዳሎ መጽሔት እያ።**
**ኣድራሻ:**
**Gis e.V.**
**P.O.Box 101344**
**42103 Wuppertal**
**Germany**
**መርከዝ ቢላል**:
Montanus Str.76
51065 Köln
Bank: Deutsche Bank A.G.
Wuppertal
KontoNr. 280 290 800
BLZ 330 700 24

ነታ ሕድሪ ኣብ ሞያ ከነውዕላ ግድን ይኾነና
ቁርኣነልከሪም መምሪሒና ጌርና
ሙሓመድ ሰ/ወ/ወ ሉኡኽ ረብና
ዝውሰኽን ዝንከን ዘይብሉ ዲንና
ኣብ መጨረሽታ ዝወረደት ኣያ መርቶየና

اليوم أكْملْت لَكُم دِينكُم وأتممت عليكُم نِعمتِي ورضِيت لَكُم الإسلام دِيناً

ኢዚ ዘሕጉስ ብስራት ቃል ናይ ረብና
ብሸለልትነት ንዓና ከም ዝኾነ ዘንጊዕና
ንዩው ነጀው ብምባል ነሕልፎ ጊዜና
ኣረሱል ሰ/ወ/ወ ቅድሚ ሞቶም ዝተዛረቡና

ኡመተይ  ካብ ድኽነት አይኮንኩን ዝፈርሓሎም
እንታይ ዳኣ ኣዱንያ ከይትጻወተሎም
ልክዕ እዩ  ሳዲቐል መስዱቐ ዘረባኻ
ሸይሸይ ተብለና ኣላ  ኣረሲዓ ሱናኻ

ትእዛዝ ጥሒስና የማን ጸጋም ምስበልና
ኣብ መላእ ዓለም ንዑቃት ኮይና ተርፊና
ርጉጻትን ንዑቃትን ኮይና ተርፊና
ሽሕኳ አዱንያ ብገፉሓ እንተ ጸበበትና
ኣላሁ ዓ/ወ አይገድፈናን እዩ ኩሉ ጊዜ ኣሎ ኣብ ጎንና

ኸይረ ኡመቲን  ኢሉ’ውን  ጸዊዑና
ተስፋ ብዘይ ሙቁራጽ ቶውባ ንበል ንረብና
ኩልና ንመለስ ናብቲ ቐፉር ረሒም ዝኾነ ጎይታና
ኣብ ኣኼራ ክንዕወት ምስ ሳሊሕን ክኸውን ቦታና

ሸፋዓ ናይ ነቢይና ክንረክብ ብዘይ ጥርጠራ
ኣብ ጀንና ክንሪያሕ ኩሉና ብሓበራ
ኣብ ጀንና ክንሪያሕ ኩሉና ብሓበራ

<u>*ወቢላህ ተውፊቕ ወሰላም ወዓለይኩም*</u>
*ሓፍትኹም* <u>*ፈውዚያ ሓሰን ኣማን*</u>

# እፈርሕ ኣለኹ ከይንኸስር .........

ሰልሊ ዓላ ነቢይ ሰልሊ ዓላ ረሱል ሙሓመድ
ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰላም

ብስም ሩሩህ ጎይታይ ክጅምሮ ኣብያትና
ነሕመድላህ ወነስተዒንሁ ወነስተቅፊረሁ ኣልለዚ ሃዳና
ወነዑዙ ብልላሂ ሚን ሽሩሪ ኣንፉሲና
ወሚን ሰይኣት ኣዕማሊና
መንየህዲሁልላሁ ፋላ ሙዲላ ለሁ ኣብ መንጎና
ወመንየዲሉሁ ፋላ ሃዲያለሁ ዝገበርና እንተገበርና
በዚ ምኽንያት እፈርሕ ኣለኹ ከይንኸስር ጀንና
እፈርሕ ኣለኹ ከይንኸስር ጀንና

ፍርሐይ ማዓልቲ መጹታት ክንሕተት ኮለና
እንታይ ኮን ይኾውን መልሲ ናይ ነብሲ ወከፍና
ክልተ ምስክር መሰረት እስልምና
ኣብአን ንጽናዕ ይሕደራ ኣብ ልብና
ብኣአን ዝኣምን ዋሕስ ጸላም ዕለት ይኾና
ላኢላህ ኢል ለልላህ
ሙሓመድ ረሱልላህ ሚፍታሕ ኣልጀንና
መደምደምታ ቃል ሂወትና ይግበረን መድሕን ክኾናና
እፈርሕ ኣለኹ ከይንኸስር ጀንና

ብሻሃደታን ይኽፈት ማዕጾ እስልምና
ዓቢ ፈውሲ እየን ኩፍሪ ዝጽግና
ዝኻሓደ ግን የብሉን ናይ ኢማን ጨና
የርሕቆ የንጽጎ ካብቲ ብርሃን ዲንና
ፍቶት ረብቢ የድሊ ክሕሎ ኢማንና
እፈርሕ ኣለኹ ከይንኸስር ጀንና

ኣል ኣምሩ ቢልማዕሩፍ ወናህይ ዓኒልሙንከር እናዘከርና
ንንቃሳቀስ ኣብ ዕለታዊ ተግባራትና
ልቢ ተጸርዩ ኩሉ ይእዘዘና
ኣብ ጽቡቅ ምኽሪ ይውዕል መልሓስና
ንጽቡቅ ግብሪ የተግህ ኣካላትና
እዚ እንተዘየሎ ግን
እፈርሕ ኣለኹ ከይንኸስር ጀንና

ክልተ ገጽ የለን ኣብ እስልምና
ኒፋቅ እዩ ወይም ኩፍሪ ብዘይ ቅንዕና
ረብን ረሱልን ክረድዩልና
ንመርቅ ነመስግን ንባዓል ጽቡቅና
ኣብ ልብና ሕርኽርኽ እንተይሉና
ንመርምር ሱእ ኣዘን ከይከውን ሕማምና
እፈርሕ ኣለኹ ከይንኸስር ጀንና

ኢዛ ጃኣካ ፋሲቁን ቢነበኢን ፈተበየኑ ስለ ዝበለና
ንሓቂ ምምማይ ዝኸውን ሰብርን ዓቅልን የድልየና
ከይንኸውን ተቀብልትን ኣውረይትን ወሰኽቲ ቃና
ንፍራሕ ረቂብ ዓቲድ ኣለው ኣብ ጎንና
እፈርሕ ኣለኹ ከይንኸስር ጀንና

ዘለናዮ ኒዕማ ከነስተማቅሮ ዶ! ኺኢልና
ወልላሂ ንኽንደይ ኽሊኡ ንዓና ሂቡና
ጽባሕ ክንሕተተሉ ስለ ዝኾና
ንስራሕ ዝማማጠን ምስ ሓላፍነትና
ካብ ርህራሄ ረብቢ እዩ ተስፋና
ካብ ግብርና እኳ ቦኺርና
እፈርሕ ኣለኹ ከይንኸስር ጀንና

ምኽረይ ከስማዕኩም ኣሕዋትና
ጽቡቅን ሕማቅን መሚና
ረዚንን ፎኲስን መዚና
ሩሑሱን ንቁጽን ፈሊና
የማንን ጸጋምን ጠሚትና
ሓቅን ሓሶትን ኣረጋጊጽና
ክንህብ ፍርድና
እፈርሕ ኣለኹ ከይንኸስር ጀንና

ኣብ ገጽ 4 ይቕጽል

## ለበዋ

ክቡር ኣንባቢ መጽሔት ኣልዳዕዋ

ኣብ መዳይ ጽሑፍ እጃምካ ከተበርክት ንላበወካ።
ንእስላማዊ ትምህርቲ ዘንጸባርቕ ዝኾነ ሓሳብ ወይ ርእይቶ ዋላኳ ትርጉም ናይ ሓንቲ ጥቕሲ ቁርኣን ትኹን ካብ ምጽሓፍን ምስታፍን ኣይትቆጠብ።
ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ይብሉ:

( በሊቑ ዓኒ ወለው ኣያ)
ወላኳ ሓንቲ ጥቕሲ ኣያ ትኹን ኣብጽሑለይ።

ብተወሳኺ ዝኾነ ነቐፌታን ንጉድለታትና ዝእርም መኣረምታን ሓሳብን ከተወፉዩልና ብትሕትና ነሓተኩም።
ናብ ረቢ ዳዕዋ ምግባር ናይ ኩላትና ሓላፍነት ከምዝኾነ ኣይንረስዕ።

ኣብ መጽሔትና ናይ ቁርኣን ጥቕስታት ኣያት ስለ ዘሎ ብጽቡቕን ብጥንቃቐን ክትሕዝዎ ንላቦ። ከምኡ እውን ዝኾነ ኣብ መጽሔት ኣልዳዕዋ ዝቐርብ ጽሑፍ ናይ ጸሓፊኡ ርእይቶ እዩ ዘውክል።
ከምኡ እውን ናይ ዝኾነ ምስትርጓም ናይ ቁርኣን ወይ ኣሓዲስ ዝርከብ ጌጋታት ሓላፍነት ዝስከሞ እቲ ደራሲኡ እዩ።

**<u>እፈርሕ ኣለኹ................</u>**

ዝሓሸ መንገዲ ረብቢ መሪጹልና
ሙስጠፉ ነቢ ሊኢኹ ክመርሑና
ዝግባኣ ገይሮም ሓቂ ከብሩህልና
ሳሓባ ኣልተዚሞም ታቢዒን እንታይ እዩ ጉድና
ኣይትዘንግዑ ዲን ዘለዎ እዩ ባዓል ሙሉእ ጥዕና
እፈርሕ ኣለኹ ከይንኸስር ጀንና

ቁርኣን ዝሓዘለ ኣኽቲሉ ሱና
ኣበጹንያ ዓወት ኣብ ኣኼራ ጀንና
ሽሕ እንተበዘሐ ናይ ጽሑፍ ፍልስፍና
ኣይዋዳደርን ምስ ዑዙዝ ቁርኣንና
እፈርሕ ኣለኹ ከይንኸስር ጀንና

ንሓቂ ፈሊጥና እንተሰሪሕና
ተግባራትና ሰሪዕና ብሱና
እግሪ እግሪ ነቢ ተኸቲልና
ሽይጣን ይቁጣዕ ጻላኢና
መላኢካ ይዓስሉ ኣብ መንጎና
እፈርሕ ኣለኹ ከይንኸስር ጀንና

ኣብ ሂወት ኮለና እንተ ተባራቢርና
ንቶባ ዝኸውን ዕድል ኣሎና
ኣጀል እንተኣኺሉ ሰዓት ዕለት ሞትና
ናብዛ ጸባብ ቀብሪ ንኹለ ራሕሪሕና
ጉድጓድ ሓዊ እያ ወይ ሩባ ጀንና
እፈርሕ ኣለኹ ከይንኸስር ጀንና

ነዊሕ ብርቱዕ ጉዕዞ እዩ ክበርሃልና
ክቀልል ዝኽእል ጥራሕ ብጽቡቅ ኣዕማልና
ነዚ ኹሉ ሽሻይ ነዚኹሉ ኒዕማ ዝሃበና
ኣይግባእን ክንጠልም ኪሒድና
እፈርሕ ኣለኹ ከይንኸስር ጀንና

ዓቢ ምስ ንእሽተይ ክንሕተት ኢና
እንታይ ሰዲቅና እንታይ ኣበርኪትና
ልቢ ከይጸረየ መልሓስ ኣዋሕሊልና
ኣዕማል ሰብ ክንሕሉ ረሲዕና ኣዕማልና
ብነብሰይ ጀሚረ ሕልየት ንኹሉና
እፈርሕ ኣለኹ ከይንኸስር ጀንና

ሓወይ ኣስተማቅሮ ላዛ እስልምና
ቁርኣን ዶ ቀሪእካ  ዋላ ጋና
ኣሕልፍ ኣብ ላሕዲ ክኾናካ ጨና
ሎምስ ሃሰስ በሎ ኪታብ ያኣክል ስንፍና
ዝኸፈአ እዩ ኣብ ዲን ድንቁርና
እፈርሕ ኣለኹ ከይንኸስር ጀንና

ኒዕማ እዩ ጺጋ ምስ ስድራና
ማዓልቲ ሒሳብ ግን ኩሉ ይጠልመና
ተቅዋ ጥራይ እዩ ዋሕስ ዝኾነና
እተቁልላህ ክትድሕን ካብ ፊትና
እፈርሕ ኣለኹ ከይንኸስር ጀንና

ካብ ትማሊ ሎሚ ሓጺር ዕድሜና
መዓልቲ ሙጺታት እዩ ቆጸራና
ካብ ኣዱንያስ ብሞት ተጋላጊልና
ኣኼራ ግን ንኣበዱ እዩ ፍርድና
ዝሕለፍ ኣይኮነን ሸለል ኢልና
እፈርሕ ኣለኹ ከይንኸስር ጀንና

ተከቡር ድዩ ጁህሊ ዓብሊሉና
ሽግር ሓውና ቀጨጭ ዘይብለና
ቁርኣን ኮነ ሱና ሓቢሩና
ኣብ መንጎ ሙእሚን የለን ጓና
ንታዓዘብ ነሕተስብ ዋጅብዶ ጌርና
እፈርሕ ኣለኹ ከይንኸስር ጀንና

ኸይርን ሸርን ንፍለጦ በይንና
ኣይግባእን ኣብ ዲን ድርቅና
ሕሶት ክንምስክር ንሓቂ ሸፊንና
ዙልሚ እዩ ዓቢ ኺያና
እፈርሕ ኣለኹ ከይንኸስር ጀንና

ተውሒድ ነጽሪ ሽርኪ ከይለኸፈና
ጽሉእ እዩ ናብ ረብቢ ዝብል ኣና ኣና
ክብረትን ዕብየትን ሲፋት ናይ ጎይታና
ኣልላሁ ንለምኖ ብዘይ ውክልና
ሙንከር እንተበዚሑ በላእ ከይወርደና
እፈርሕ ኣለኹ ከይንኸስር ጀንና

ሓላል ንብላዕ ክበጽሕ ዱዓና
ንጹም ኣሓዋት ሲያም እዩ ጁንና
ዚክሪ ንፍቶ ቀጥ ክብል ኢማንና
ስግዳን ነብዝሕ ክጠፍእ ሃምና
ዘካት ነውጽእ ክጸሪ ሃብትና
ሓጅ ንበገስ ክንውለድ እንደገና
እፈርሕ ኣለኹ ከይንኸስር ጀንና

ቂላ ወቃል መቒሩና
መበቆል ወረ ከይፈለጥና
ሓንካስ ዘውረዮ ኣዳሚቅና
ብሓለንጊ መልሓስ ንዓጽሚ ሰብ እንተሰበርና
ዘንቢ እዩ ምቅላል ሙእሚን ሓውና
እፈርሕ ኣለኹ ከይንኸስር ጀንና

ሸመትድዩ ህርፋን ብልጽግና
ከይንሪኢ ከይንሰምዕ ሸፊኑና

ኣብ ገጽ 5 ይቕጽል

## *እፈርሕ ኣለኹ................*

ዝተኣከበ ምብታን ዝሰልጠና
ተመሊስና ምእራዩ ንኽእሎ ዲና
ወላ ንሕለፎ ከምሻምኡ ጃሚልና
እፈርሕ ኣለኹ ከይንኸስር ጀንና

ረሒመሁልላህ ዓላ ማሕሙድ ሙሓመድ እስታዝና
ይብል ነበረ ክንዕለም እንኮለና
ልብና ነቂጹ ምትእምማን ሲኢንና
ኣሕዋት በጃኹም ምርሑና
መልሊስኩም ግን ዕውራት ኢና
በሉ ክንመርሓኩም ዕድል ሃቡና
ኣይከውንን ሓሳዳት ኢና
ሕጂ ዶ ይሓይሽ
ኣይንመርሕ ኣይንምራሕ ኣጎላጉል ተሪፍና
እፈርሕ ኣለኹ ከይንኸስር ጀንና

ብሰማይ ተራጋጊጹ መልእኽቲ ነቢዩና
ኣብ ኡምማ ተዘርጊሑ ብድልየት ረብና
ሙሉእ ዓለም ኣብሪሁ እስልምና
ሓቅነት እዩ ናይ ብርሃን ምንጭና
ረሱሉልላህ ኻኣ ናይ መልእኽቲ ብርሃንና
እፈርሕ ኣለኹ ከይንኸስር ጀንና

ሰዓት ቀሪቡ'ዩ ኣይምሰልኩም ጌና

ቶባ ንባል ክስረዝ ዘምብና
ሓዲሽ ደብተር የድሊ ዘስፍር ሓሰናትና
ንሳማማሕ ቅርሕንቲ ደፊንና
ብዝሓለፍ ንጣዓስ ብሓቂ ጉሂና
ሕጅውን ንጽረ ኣብ ማዓሲ እንተላና
ንዝመጽእ ንዕጠቅ ክንሰርሕ ብቅንዕና
እፈርሕ ኣለኹ ከይንኸስር ጀንና

ነስኣለልላህ ኣተውፊቅ ክንኸድም ዲንና
ብፍላይ ኣብዚ ጽንኩር ኩነታት ኡመትና
ክንከውን ይግባእ ሙእሚን
ሙስተቂም ሙዕተድል ሸባብና
ብዕልሚ ብዳዕዋ ኣብ ነስር ከብጹሑና
እፈርሕ ኣለኹ ከይንኸስር ጀንና

ካብ ኒፋቅ ክንድሕን ረብቢ ይሰልመና
ኣብ ጣዓ ነውዕሎ ዝተረፈ ዕድሜና
ዱዓእ ኣልኢኽዋ ሙስተጃብ ኣይጋደፈና
ሓደራ ኣብ ሰላትኩም ዱዓ ኣይትረሰዑና
ብሑስነል ኺታም ክድምድም ሂወትና

<u>ካብ ሓውኹም ዓሊ ሙሓመድ ሼኽ</u>

## *ቅንእን ዓስቢ ናይ ሰናይ ገበርትን*

*<u>ብኣቡ ዓብዱራሕማን</u>*

ሓበሻ ክምስሉ ከለዉ:ዘይቀንእ ኣይወለድ ይብሉ::ቅንኢ ጽቡቕን ኣወንታዊ ዝኾነ ውጽኢት ክህልዎ ይኽእል እዩ::ማለት ናብ ውድድርን ዝያዳ ጻዕሪ ክወስድ ስለ ዝኽእል::ሓደ ድኹም ተማሃራይ ካብኡ ዝነፍዕ ምስ ዝርኢ ቅንኢ ስለ ዝሓድሮ ከርክቦን ክሓልፎን ኢሉ ብምሕሳብ ብቕንኢ ተደሪኹ ዝያዳ ጻዕሪን ተገዳስንት ብትምህርቱ የሕድር:: ከምዚ ዝኣመሰለ ቅንኢ እሞ ናብ ምምሕያሽን ምምዕባልን ዝድርኽን ዝደፍእን ንሓደ ሕብረተሰብ ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ::

ግን ንቅንኢ ካልእ ኣሉታዊ ዝኾነ ሸነኽ: ኣዕናዊ ጽልዋ እዉን ኣለዎ::ምናልባት ጌጋ ይኽላኣለይ እምበር ኣብ ሱረት ዩሱፍ ነዚ ናይ ቅንኢ ተግባር ብዝበለጸ ኣገባብ ተሳኢሉን ቀሪቡን ኣሎ::
ኩላትና ከም እንፈልጦ:ሰይድና ዩሱፍ ንእሽቶ ህጻን እንከሎ በብኡ ፍልይ ዝበለ ፍትወትን ተገዳስነትን ስለ ዝነበሮ ኣሕዋቱ ነዚ ናይ ኣቦኦም ንዩሱፍ ዝረአ ፍትወት ደስ ስለ ዘይበሎም:ካብ ዓይኒ ኣቦኦም ከርሕቕዎ ዉዲት ኣሊሞም ክቐትልዉ ፈቲኖም እዮም::

ንንእሽቶ ሓውኻ ካብ ምውቕ ገዝኡ ኣውጺኻ ኣብ ጉድጓድ ክትድርቢ እሞ ኣብ ጽሙው ዝበለ በረኻ እንታይ ዓይነት ቅንኢ ኮን ይመስለኩም::ግን ቅንኢ ዘይገብሮ የብሉን::
ንረቢ ኢልካ ጽቡቕ ስራሕ ኣብ እትሰርሓሉ ብኻለኦት ሰባት ብሰንኪ ቅንኢ ይኹን ወይ ዘይምርዳእ ኣብ መንግድኻ ብዙሕ ዕንቅፋት ክትረክብ እውን ትኽእል ኢኻ::እዚ እውን ሓዲሽ ነገር ኣይኮነን ኩላትና ዛንታ ሃቢልን ቃቢልን ንፈልጥ ኢና::

እቲ ካብ ሱረት ዩሱፍ ሓደ ካብ ብዙሕ ትምህርታት ክንማሃሮ እንኽእል እዚ ዝስዕብ እዩ::ሓደ ስራሕ ምእንቲ ኣላህ ኢልካ እትሰርሖ እሞ ብሰንኪ ቅንኢ ኮይኑ ወይ ድንቁርና ካብ ካለኦት ዘጋጥመካ ዕንቅፋት ብትዕግስቲ ክትሓልፎ ናይ ግድን እዩ::ማለት ናይ ረቢ ስራሕ እየ ዝሰርሕ ዘለኹ ኢልካ ጸገማትን ዕንቅፋትን ከም ፈተነ ናይ ረቢ ወሲድካ

ስራሕካ ከተሰላስልን ከተሳልጥን ይግባእ::ዛንታ ናይ ነቢያት ነዚ ዝብሎ ዘለኹ እውን ሓቅነቱ የረጋግጽ::
ግን ጥዑይ ሰብ ንረቢ ዝሰርሕ ካብቶም ደናቁር ኣሕዋቱ ዘጓንፎ ዕንቅፋት ብንቕሓትን ብዝበለጸ ኣገባብ ክሓልፎ ናይ ግድን እዩ::ሰይድና ዩሱፍ ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ምስ ኣሕዋቱ ተፈልዩ ከብቅዕ ምስ ተራኸቡ:ነቲ እከይ ዝኾነ ሕሱም ተግባራቶም:( ኣብ መንጎና ሸይጣን ኣትዩ እዩ ነቲ ሕማቕ ነገራት ክፍጸም ዘተባበዐ)ብምባል ንኣሕዋቱ ምሒርዎም::ናይ ረቢ ሰብ ከምዚ ናይ ዩሱፍ ተግባር ክፍጽም እዩ ዝጽዕር::

እቶም ኣሰር ሸይጣን ተኸቲሎም:ንገዛእ ነፍሶም ኣብሊጾም ዝሪኡ ሰባትን ብሰንኪ ቅንኢ ንኣሕዋቶም ዘጻልሙን ዘካፍኡን:ኣብቲ ናይ ረቢ ስራሕ ዕንቅፋት ዝዘርኡን:ረቢ የህዲዮም:ካብ ድንቁርናኦም ረቢ የውጻኣዮም እናበልካ እቲ ረቢ ዝፈትዎ ስራሕ ከይተዋላወልካን ከይተዳኸምካን ምቕጻል እቲ ዝበለጸ ምርጫ እዩ::

በዚ ምኽኒያት ካኣ እዩ ሰይድና ዩሱፍ ነዘን ዝስዕባ ኣያት ድሕሪ ነዊሕ ጉዕዞ ናይ ናብርኡ ከምዚ ክብል ዘቃለዐን:

(90) إِنه من يتق ويصبر فَإِن الله لا يضِيع أجر الْمحسِنين

(ኢናሁ መይ የተቒ ወየስቢር ፊኢናልላሃ ላዩዲዑ ኣጅራ ኣልሙሕሲኒን)

ሓፈሻዊ ትርጉም እዛ ጥቕሲ ኻኣ:ዩሱፍ ምስ ኣሕዋቱ ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ምስ ተራኸበ እሞ ነቲ ብኣላህ ዝተለገሰሉ ልግሲ ኣብ ግምት ብምእታው: ንኣሕዋቱ ከምዚ ይብሎም:እቲ ብሓቂ ንኣላህ ዝፈርህን እሞ ትዕግስቲ ጌሩ ስራሑ ዘሰላስልን:ኣላህ ናቱ ዓስቢ ኣየጥፍእን እዩ::
እወ:ምእንቲ ኣላህ ኢልካ እተሰርሖ ጽቡቕ ስራሕ ረቢ ኩሉ ግዜ እዩ ዝሕልዎ:ነቲ ባርያ ረቢ ኻኣ ባዕሉ እዩ ዝሕልዎ እሞ: ብሓቂ ሰራሕተኛ ናይ ረቢ ይግበረና::
ነቶም ብሰንኪ ድንቁርነኦም ኣብ ባሕሪ ናይ ጽልእን ቅንእን ዝኣተዉ ኻኣ ረቢ የህድዮም ናብ መንገዱ ይምለሶም እናበልኩ ኣብዚ ይድምድም እሞ: ብተደጋጋሚ ነዛ ሱረት ዩሱፍ እናኣስተንተና ንቕራኣያ:

<u>ኣብ ዱዓኹም ካኣ ኣይትረስዑና::</u>

# <u>*ኣቡና ኣደም ኣብ መርየት*</u>

ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፍና ኣቡና ኣደም ከመይ ጌሩ ከምዝሳሓተ ርኢና:: ኣላሁ ወ/ዓ ኸኣ ነቲ ዘምቡ ቀፊርሎም ግን ቀጺዕዎ ንመርየት ንኽወርድ ኣዘዞ ናይ ሕጂ ጽሑፍና ድማ ኣብ መርየት ምስ ወረደ እንታይ ከምዘጋጠሞ ክንርኢ ኢና::

　　ኣቡና ኣደም ናብ መርየት ወረደ ምስኡ ስትና ሓዋእ ከም እውን ሸይጣን ረቢ ይንዓሎ ምስኦም ወረደ ኢብን ዓባስ ረ/ዓ  ይብል ኣቡና ኣደም ኣብ ህንዲ  ወሪዱ ስትና ሓዋእ ኣብ ጅዳ   ወሪዳ ክሊቲኦም ተጣፊኦም ድሕሪ ብዙሕ ምድላይ ኣብ ዓረፋት ተራኺቦም በዚ ከኣ እዩ *ዓረፋት* ተባሂሉ ዝተሰምየ:: ኢብኒ ዓባስ የዘንትወልና ኣብ ሓዲሰ ሰሒሕ :: ኣባ ዘር ረ/ዓ ንረሱል ሰ/ዓ/ወ ሓተቶም መን እዩ ነይሩ ናይ መጀመርያ ረሱል ኣረሱል ሰ/ዓ/ወ በሉ ኣደም ዓ/ሰ
በለ ኣባ ዘር ነቢይን ረሱልን
በሉ ኣረሱል  ሰ/ዓ/ወ እወ ነብን ረሱልን ኣላሁ ዓ/ወ ብኢዱ ፈጢርዎ ብዘይ ዋሕይ ( ጂብሪል ) ይዛረቦ ነይሩ::
ረሱል ሕግታት ( ሸርዒ ) መምርሕታት የውጽእ ነቢይ ግን ሕግታት ኣየውጽእን እዩ ዋሕይ ይመጾ ሙዕጂዛት የርኢ
　　ኣብዝሓለፈ ጹሑፍና ከምዝረኣናዮ ኣላሁ ዓ/ወ ንኣቡና ኣደም ቅድሚ ኣብ መሬት
ምውራድ ኩሉ ነገራት ኣምሂርዎ  ንኣብነት ኣስማት ናይ ኩሉ ፍጥረታት ናይ መጀመርያ ጥበብ ከመይ ገይሩ ሓዊ ሓጺን ዕንጨት ከመይ ዝጥቀምሎ : ኣቡና ኣደም ናብ መሬት
ፈላጥ ብዲን ጥራይ ዘይኮነስ እንቶላይ ብናይ ኣዱንያ ክእለትን ፍልጠትን ረቢ ሂቡዎ እዮ
ነይሩ ኣብዚ ሕጂ ዘለናዮ ዘመን ኣብ ገለ ገለ ናይ ኣፊሪቃ ሃገራት ደቂ ሰባት መነባብሮኦም ካብ ናይ እንስሳ ናብራ ፈሊኻ ኣይትሪኦን : ይብሉ ዑላማእ እዚኣቶም ሂወቶም ኣብ መርየት ዝደርበዮ እዮም እምበር ናይ መጀመርያ ፊጥረት ግን ከምዚ አይነበሩን ኣቡና ኣደም ምስ ስትና ሓዋእ ኣብ መሬት ክነብሩ ጀመሩ
وبث مِنهما رِجالًا كَثِيرًا ونِساءً ወበሳ ሚንሁማ
ሪጃለን ከሲራን  ወኒሳኣ  (ሓፈሻዊ ትርጉም)
ኣላሁ ዓ/ወ ውላድ ሂብዎም ብዙሓት ደቂ ተባዕትዩን ደቂ ኣንስትዮን ኣጠበሪ ይብል ስትና ሓዋእ 40 ቆልዑት ወሊዳ  ኣብ 20 ጊዜ
ኣብ ገጽ 7 ይቕጽል

## *ኣቡና ኣደም .....*

( ከብዲ ) ኣብ ኩሉ ምውላዳ ማንታ ወድን ጓልን ትወልድ ነበረት ናይ መጀመሪያ ቓቢል ማንትኡ ቑለይብ ናይ መጨረሽታ ዓብዲል ሙቒስ ማንትኡ ኡሙል ሙቒስ
ኣላሁ ዓ/ወ ኣብ ቁርኣንልከሪም ዘኪሩልና ታር'ኽ ቃቢል ምስ ሃቢል
وَاتْلُ عَلَيْهِمْ نَبَأَ ابْنَيْ آدَمَ بِالْحَقِّ ወትሉ ዓለይህም ነበኣ እብነይ ኣደም ቢልሓቅ (ሓፈሻዊ ትርጉም)

*ኣላሁ ዓ/ወ ይብል ኣዘንትወሎም ( ያ ረሱል ሰ/ዓ/ወ) ዛንታ ደቂ ኣደም ቃቢልን ሃቢልን እዚ ታሪኽ እዚ ኽኣ ሓቀኛ ታሪኽ እዩ ::
- ቃቢል ብተፈጥሩኡ ጸዋግን ጨካንን ኣብ ማሕረስ ዝተዋፈረ ነበረ;;
- ሃቢል ግን ለዋህን ሩህሩህን ጠለበጊዕ ይጓሲ ነበረ እዚ ሞያ እዚ ከኣ ርህራሀን ምልዋህን ዝሓትት እዩ ንዝጠመየት ንዝጸምኣት ም'ኻድ ንዝሳኣነት እንስሳ ምእላይን ምንክብካብን ኣብቲ ጊዜ እቲ ኩሎም ንሓደ ረቢ እዮም ዝኣምኑ ነይሮም ሙ'ሽርክ ኣይነበረሙ'ን ከምኡውን ህዝቢ ምእንቲ ክባዛሕ ፈልይ ዝበለ ሕጊ ነይርዎም ንሓፈቶም ምስኦም ዘይተወለደት ን'ኽምርዓው ይፈቀደሎም ነበረ ኩላቶም ኣሕዋት እዮም ጓና ኣይነበረሙ'ን::
ኣብ ጊዜና ግን ሓፈት'ኻ ምምርዓው ኣይፈቀድን እዩ ::
ምስ ቃቢል ዝተውልደት ብጣዕሚ ምልክዕቲ ነበረት ካብ ምስ ሃቢል ዝተውልደት ቃቢል ነታ ምስኡ ዝተወልደት ክምርዓዋ ደለየ ግን ኣቡና ኣደም ከልኪልዋ በቲ ዘውጸኣሎም ሕግ ቃቢል ኮርዩ ኣይተቀበሎን ::
ካለኣይ ሕግ ድማ ቁርባን ን'ኽውጽኡ ኣዘዘ ቑርባን ማለት ሃዲይ ( መብጸዓ ) ንረቢ ኢልካ ዝወጽእ እዩ :

إِذْ قَرَبَا قُرْبَانًا فَتُقُبِّلَ مِنْ أَحَدِهِمَا وَلَمْ يُتَقَبَّلْ مِنَ الْآخَرِ

ኢዝ ቀረባ ቁርባነን ፈቱቁቢላ ሚን ኣሓዲሁማ ወለም ዩተቀበል ሚነል ኣ'ኽር

ሓፈሻዊ ትርጉም

ክልትኦም ኣሕዋት ቁርባን ( መብጸዓ ) ኣውጺኦም ናይ ሓዲኦም ተቀብልዎ ናይቲ ዳሕራዎይ ግን ኣይተቀበሎን

*ሃቢል ተቒ ሰለዝነበረ ካብቲ ዘለዎ ጥሪት እቲ ዝበለጸ ኣዎጺኡ

ቃቢል ግን እ'ኽሊ ንመግቢ ዘይበቅዕ ኣቅረበ ንጸባሒቱ እንተረእዩዎ እቲ ናይ ሃቢል ተቀቢልዎ ናይ ቃቢል ግን ዝተንከፎ ኣይነበረን ከምታ ዝገደፋ ጸኒሓቶ ብሓሳዳ ብቅንኢ እቲ ኩርኡ ድማ ኣዝዩ በርተዐ :: ሸይጣን ረቢ ይንዓሎ ድማ ኣወስወሶ ንሓው'ኻ ቅተሎ ቃቢል ከምዝስዕብ በለ

قَالَ لَأَقْتُلَنَّكَ قَالَ إِنَّمَا يَتَقَبَّلُ اللَّهُ مِنَ الْمُتَّقِينَ

ቃላ ለኣቅቱለነካ ቃላ ኢነማ የተቀበሉላህ ሚነል ሙተቂን ሓፈሻዊ ትርጉም

ቃቢል ይብል ክቀትለካ እየ እቲ ናቱ ቁርባን ስለዘይተቀበሎ ብሕርቃን ዝኣክል

ሃቢል ይብል ረቢ እኮ ናይ ተቒ ቁርባን እዩ ዝቅበል በሎ

لَئِنْ بَسَطْتَ إِلَيَّ يَدَكَ لِتَقْتُلَنِي مَا أَنَا بِبَاسِطٍ يَدِيَ إِلَيْكَ لِأَقْتُلَكَ

ለኢን በሰጥታ ኢለያ የደካ ሊተቅቱለኒ ማኣና ቢባሲጥን የደያ ኢለይካ ላአቅቱለካ

ሓፈሻዊ ትርጉም

ሃቢል ይብል ን'ኽትቀትለኒ ኢልካ ወስ እንተበልካ ኣነ ግን ኢደይ ወስ ኣየብልን እየ ን'ኽቀትለካ

إِنِّي أُرِيدُ أَنْ تَبُوءَ بِإِثْمِي وَإِثْمِكَ فَتَكُونَ مِنْ أَصْحَابِ النَّارِ

እኒ ኡሪድ ኣን ተቡኣ ቢኢስሚ ወኢስሚካ ፈተኩና ሚን ኣስሓቢ ናር
ሓፈሻዊ ትርጉም

ሃቢል ይብል ኣነ ይደሊ እቲ ዘምቢ ተሰኪምካዮ ትምለስ ኣብ የው መልቅያማ

ብቀቲለት ናተይ ነፍስ ናብ ሓዊ ጀሃነብ ትኣቱ

ኣብ ገጽ 8 ይቕጽል

*<u>ኣቡና ኣደም .....</u>*

ሃቢል ይብል ተበዳላይ ( መዝሉም ) እምበር በዳላይ ( ዛልም ) ክኸውን አይደሊይን እየ

## *فَطُوعت لَه نفْسه قَتلَ أُخِيهِ فَقَتَلَه فَأُصبح مِن الخاسِرِين*

ፈጠወዐት ለሁ ነፈስሁ ቀትላ አኺህ ፈቀተለሁ ፈአስበሓ ሚነል ኻሲሪን

ሓፈሻዊ ትርጉም

ቃቢል ነፈሱ ደፊአቶ ንሓው ንኽቀትል ምስቀተሎ ድማ ካብቶም ጡፉአት ኮነ

ኣብ ጸልማት ለይቲ ሃቢል ደቂሱ እንኮሎ ቃብል ብሓጽን አብ ርእሱ ምስሃረሞ ሞተ ናይ መጀመርያ ገበን ( ወንጀል ) ኣብ ታሪኽ ተፈጸመ :: ቅትለት ነፍሲ: ቃቢል ንሓው ሃቢል

ንመጀመርያ ጊዜ ሰብ ይሞቶም ሞት ርእዮም አይፈልጡን እዮም :: ቃቢል ተጨኒቁ እንታይ ከምዝገብር ጠፊኦ ንሙውት ሓው አብ ሑቁኡ ተስኪሙ ይኸይድ ነበረ

አላሁ ዓ/ወ ንኽምህሮ ክልተ ኳኽ ለአኸሉ

## فبعثَ الله غُراباً يبحثُ فِي الأرض لِيريه كَيف يوارِي سوأَةَ أَخِيهِ

ፈበዓሳ ላሁ ቁራባን የብሓሱ ፊልአርዲ ሊዩሪያሁ ከይፈ ዩዋሪ ሰዎአታ አኺሂ

ሓፈሻዊ ትርጉም

አላሁ ዓ/ወ ክልተ ኳኽ ለኣኸ ንቃቢል ትኣምር ንኽኮኖ ከመይ ገይሩ ናይ ሓው ነፍሲ ከምዝደፍኖ

ክልቲኦም ኳኽ ተባኢሶም እቲ ዝሓየለ ንቲ ሓደ ምስቀቶሎ ነቲ ዝሞተ ሓው አብ መሬት ፈሒሩ ሓመድ አብ ሊዕሊኡ ገይሩ ደፊኖ ( ቀበሮ ) ነዚ ምስራአየ ቃቢል ተገረመ ካብቲ ኳኽ ዓቢ ትምህርቲ ቀሰመ ከምዚ ዝስዕብ እውን በለ

## *قَالَ يا ويلْتا أعجزت أنْ أكُونَ مِثْلَ هذَا الغرابِ فَأُوارِي سوأَةَ أخِي*

ቃላ ያ ወይለታ አዓጀዝቱ ኣን ኣኩና ሚስላ ሃዛ ቁራብ ፋኡዋሪያ ሰዎኣታ ኣኺ

ሓፈሻዊ ትርጉም

1. ቃቢል በለ እውይ አነጉዳም አይካአልኩን ልክዕ ከምዚ ኳኽ_ኮይነ ነፍሲ ናይ ሙውት ሓውይ ክደፍኖ

ቃቢል ከምታ ዝረኣያ ገይሩ ንሓዉ ቀበሮ

## *فَأُصبح مِن النادِمِين*

ፈ አስበሓ ሚነ ናዲሚን : ሓፈሻዊ ትርጉም

ቃቢል ንሓው ምስቀተሎ ብጣዕሚ ተጣዒሱ ስለምንታይ እየ ከምዝገበርኩ ኢሉ ግን አየስተቅፈረን :: አብ ሓዲስ ሰሒሕ የዘንትውልና አቡ አሕመድ ከም እወን ካልኦት ዑለማእ አረሱል ስ/ወ/ወ ይብሉ

*“ወላተቅቱሉ ነፈሰን ዙልመን ኢላ ካና ዓላ ኢብኒ ል አደም አልኣወል ቃቢል ክፈሉ ሚን ደሚሃ*

ሓፈሻዊ ትርጉም

ብዓመጽ ዝቀተለት ነፈሲ ዘንቢ ንቃቢል ክፋላ ትብጽሖ እያ ምቅታል እሱ ስለዝጀመረ

*መንፈዓላ ሱና ሰይአ ፈዓለይሀ እስሙሃ ወኢስም መን ዓሚላ ቢሃ ኢላ የውመልቅያማ*

ሓፈሻዊ ትርጉም

ሕማቅ ተግባር ዝፈጸመ, ንዑኡ ተከቲሎም እቲ ተግባር ዝፈጸምዋ እቲ ዘምቢ ናብቲ መጀምርያ ዝፈጸመ ይበጽሖ ክሳብ የውመልቅያማ

ቃቢል ንሃቢል ምስቀቶሎ ንአቡና አደም ንከይ ርእይ ሃደመ ንሰበይቱ ሒዙ ናብ ሩሑቅ ቦታ አብ ገምግም ሩባታት ክነብር ጀመረ ቃቢል ርክብ ምስ አቡና አደም አቃሪጹ ዘርኡ ድማ ክባዛሕ ጀመረ አብዚ ጊዜ ድማ ብዕልግና ( ፈዋሕሽ ) ተስፋሕፊሐ እቲ ህዝቢ ኣብ ክልተ ተመቂሉ ኣህል ሸር ምስ ቃቢል ኣህል ኸር ምስ ኣቡና ኣደም ምስ ካሎኦት ደቁ ብኸምዚ ድማ ክነብሩ ጀመሩ ::

ንሕጂ አብዚ ንድምድም እንሻአላህ አብ ተኽታትል ጽሑፉና ብሰላም የራኽበና ወቢላህ ተውፊቕ

ካብ ሓፊትኹም ፈላህ ፎዚያ ሓሰን ኣማን

## *<u>ሱወር ሚን ሓያት ሳሓባ</u>*

## *<u>ታርኽ ኣቡሁረይራ (ኣልደውሲዩ)</u>*

መቐጸልታ

ኣቡ ሁረይራ ካብ መጂሊሰል ዕልሚ ክርሕቅ እንኮሎ ሕማቅ ይስመያ ነበረ ::ከም ሓደ ሰብ ጥምየት ወይ ምቹእ ናብራ ክጎድሎ እንኮሎ ዝስመያ ::

ኣብ ገጽ 9 ይቕጽል

*ኣቡሁረይራ ……*

ኣቡ ሁረይራ ብዛዕባ ነብሱ ክዛረብ እንከሎ ከምዚ ይብል ነበረ ኣነ ኣብ ኣዝዩ ጥምየት

ዝስማዓኒ ጊዜ ሰሓባቱ ረሱል ሰ/ወ/ወ/ ኣብ መንገዲ ክረኽቦም እንከሎኹ ብኣያ ናይ ቁርኣን ይሓቶም ኣነ ኸኣ እታ ኣያ ይፈልጣ እየ ግን ምናልባት ንገዝኦም ወሲዶም እንተ ኣብለዑኒ ብማለት እየ::

ኣቡ ሁረይራ ይብል ሓንቲ መዓልት ብርቱዕ ጥሚየት ተሰሚዑኒ ኣብ ከብደይ እምኒ ገይረ ከረው ኣቢለ ኣሲረ ኣብ መንገዲ ሰሓባ ዝሓልፍሉ ኮፈ በልኩ በታ መንገዲ ኣቡበከር ስዲቕ ይሓልፊ ነበረ ከም ልማደይ ድማ ብኣያ ናይ ቁርኣን ከሪም ሓተትኩዎ: ዝሓተትኩዎ ንገዝኡ ንኽወስደኒ ነበረ ግን ኣይወሰደንን

ብድሕሪኡ ዉን ዑመር ኢብን ኸጣብ ይሓልፍ ነበረ መሊሰ ድማ ብኣያ ናይ ቁርኣኒል ከሪም ሓተትኩዎ እሱ ዉን ንገዝኡ ኣይወሰደንን

ከምኡውን ኣረሱል ሰ/ወ/ወ/ ይሓልፊ ነበረ ፈሊጡኒ ኣብ ቡርቱዕ ጥምየት ከምዘለኹ “በለኒ“ ነዓ ኣቡ ሁረይራ“በልኩዉ“ ለበክ “ያረሱለላህ ብሓንሳብ ተታሒዚና ንገዝኡ ከድና ኣብ ገዛ ምስ ኣተና ኣብ ሻሓኒ ጸባ ረኽበ ንስድራቤቱ ካበይ መጺኡኩን እዚ ጸባ ኢሉ ሓተተ : እከለ ንዓኻ ሰድዲዎ በለኦ

ኣረሱል ሰ/ወ/ወ“በለ“ ያ ኣቡ ሁረይራ ኪድ ነቶም ኣህል ሰፈዋ(መሳኪን) ጸዋዓዮም በለኒ ኣነ ከኣ ብውሽጠይ እዚ ጸባ ደኣ ንመን ክኣክል እዩ ኣህል ሰፈዋ እንድሕር ምጺኦም በልኩ :: ከይደ ንኹሎም ጸዋዕኩዎም ኩሎም እቶም ዝጸወዕኩም መጹ ኩልና ምስ ረሱል ሰ/ወ/ወ ኮፈ ምስ በልና ኣረሱል ሰ/ወ/ወ በለኒ ሃቦም ንሓደ ይህቦ ስጋብ ዝጸግብ ይሰቲ መሊሰ ነቲ ድሕሪኡ ዘሎ ከምኡ እንዳበሉ ኩሎም ክሳብ ዝጸግቡ ሰተዩ ተቀቢለ እታ ሸሓኒ ንረሱል ሰ/ወ/ወ ሃብኩዎ ፊሽኽ ኢሉ ሕጂ ኣነን ንስኻን ተርፊና በለኒ እወ ሓቂኻ ያ ረሱልላህ ሰ/ወ /ወ በልኩ

ኢሉኒ ስተ ያ ኣቡሁራይራ ሰትየ

መሊሱ እውን ኢሉኒ ስተ ሰትየ

መሊሱ ድማ ስተ በለኒ ሰትየ ከምዚ ድማ በልኩ <<ወለዚ በዓሰካ ቢልሓቂ>>ሕጂስ ቦታ ኣይረኽበሉን ኣጸቢቀ ጸጊበ እታ ሻሓኒ ካባይ ተቀቢሉ ብድሕረይ ኣረሱል ሰ/ወ/ወ/ ሰተየ

እዚ ጥምየት ንነዊሕ ጊዜ ኣይጸነሐን ረቢ ርዝቂ ፈትሕሎም ንሙስሊምን ሃብቶም ገንፈለ

ኣቡ ሁረይራ ገንዘብ ገበረ ገዛ ምቕት ዘለዎ ናብራ ሓዳር ውላድ ረኸበ

ኣቡ ሁረይራ ገንዘብ ረኺቡ ካብቲ ዝነበሮ ናይ ቀደም ጠባያቱ ብፍጽም ኣይተቀየረን እቲ ናይ ቀደም ናብርኡ ጨሪሹ ኣይረሰዐን ከምዚ ድማ ይብል

ዘኽታም ኮይነ ዓቢየ መስኪን ( ገንዘብ ዘይብለይ ) ተሰዲደ ይሰርሕ ነይረ ኣብ በስራ ብንት ቀዝዋን መዓልታዊ እንጀራይ ንኽረክብ ዝኣዘዙን ይእዘዝ ነበርኩ ካብኡ ንኣሎም ንኽምርየ ረቢ ረዚቁኒ

ኣቡሁረይራ ይብል ኣልሓምዲላህ ረቢ እዚ ዲን እዚ ቅዋም (መምረሒ) ዝገበረልና

ኣቡሁረይራ ዕልሚ ንኽእክብ ቡዙሕ ጻዕርን ተጻዋርነትን ገበረ ቀትሪ ይጸውም ለይቲ ድማ ይሰግድ ነበረ ንሱ ሰጊዱ ምስ ወደአ ንሰበይቱ የተሳኣ ሰበይቱ ድማ_ንኣላ ተተስኣ ብኸምዚ ገዛኦም ካብ ዕባዳ ከየቃረጸ ሙሉእ ለይቲ ይሓድር ነበረ

ኣቡሁረይራ ሓንቲ ባርያ ዝንጂ ካብ ሱዳን ዝርከቡ ዓለት ነበረቶ እዛ ባርያ እዚኣ ሕማቅ ጸርፊ ንስድራቤቱ ጸሪፋቶሉ ኣቡሁረይራ ሓሪቑ ንክሃርማ በትሪ ኣልዒሉ ወስ በለ ግን ከይሃረማ ድማ ተመለሰ ከምዚ ዝስዕብ ድማ በለ ኣብ የውመል ቅያማ ካሕሳ ወይ ሒሳብ እንቲዘይሁሉ ነይሩ ከምቲ ዘሕመምክን መሕመምኩኺ ነይረ ግን ክሸጠኪ እየ ዋጋኺ ዝኸፍለኒ እንተረኺበ በላ ድሕሪ ቁሩብ ድማ ወላ እኳ እቲ ዋጋኺ የድሊየኒ ዳኣ እንበር ኪዲ ንረቢ ክብል ነጻ ኢለኪ ኣለኹ ኢሉ ኣፉነዋ ::

_ ጓል ኣቡሁረይራ ትብሎ ነቦኣ ኣቦይ ኣዘን ኣዋልድ ማሓዙተይ ይጸርፋኒ ኣለዋ

_ኣቡሁረይራ ይብላ እንታይ እንዳበላ እንተ ጓለይ :

_ትብል ጓሉ ስለምንታይ ኣቦኺ ወርቂ ዘይሸልመኪ

_ ኣቡሁረይራ ይብል ኣቦይ ካብ ሓዊ ጀሃነብ ይፈርሓለይ እዩ በልየን

ኣቡሁረይራ ብጣዕሚ ለጋስ እዩ ነይሩ ንጓሉ ንክሸልማ ብቀት ገንዘብ ሃሊው ወይ ድማ ድልየት ዘይቡሉ ዘይኮነስ እንታይ ደኣ ገንዘቡ ብዝያዳ ንሰብሊላህ ከውጽኦ ሰለ ዝፈቱ እዩ

_መርዋን ኢብል ሓኪም 100 ዲንሃር ወርቂ ናብ ኣቡሁረይራ ለኣኸ : ንጽባሒቱ ይብል መርዋን ትማሊ እቲ ሰራሕተኛይ ተጋጊዩ እቲ ወርቂ ንዓኻ ሂቡካ ኣነ ግን ንኻልእ ሰብ ንኽህቦ እየ ሊኢኸዮ ነይረ እሞ ብገጋ ናባኻ በጺሑ በሎ

_ኣቡሁረይራ ይብል እቲ ወርቂ ምሳይ ከይሓደረ ንሰቢሊላህ ሂበዮ እየ እንተዳኣ ደሊኻ ካብ ቤይተልማል ከድካ ውሰዶ

***ኣቡሁረይራ ......***

መርዋን ኢብኒል ሓከም ንኣቡሁረይራ ንኽፍትትኖ እዩ ከምኡ ዝገበረ እምበር ተጋግዩ ኣይኮነን መርዋን እቲ ነገር ምስ ኣረጋገጸ ግን ኣብ ሓቂ ረኺብዎ

_ ኣብሁረይራ ብቀጻሊ ንነዊሕ ዓመታት ኮይኑ ካብ ገዝኡ ክወጽእ እንኮሎ ኣብ ኣፌደገ ገዝኡ ደው ኢሉ ነዲኡ ይብላ ( ያኡማ )ኣሰላሞ ዓለይኪ

_ትብል ኣዲኡ ወዓለይካ ሰላም ያቡነያ (ኣንታ ወደይ )

_ኣቡሁረይራ ይብል ረቢ ርህራህኡ የውርደልኪ ከምቲ ብንእሽቶይ ዘዕበኽኒ

_ኣዱኡ ትብል ነዓኻ ድማ ረቢ ርህራሄኡ የውርድልካ ከምቲ ኣብ ዕብየተይ ሰናይ ተግባር ትገብረለይ ዘለኻ

_ኩሉ ጊዜ ካብ ገዝኡ ክእቱን ክወጽእን ሉሙድ ተግባራቱ ነበረ

*ኣቡሁረይራ ኩሉ ጊዜ ዳዕዋ ክገብር እንኮሎ ብዝያዳ ዘተኩሮ ዝነበረ ንወለዲኻ ሰናይ ተግባር ምፈጻም ከምኡውን ጹብቅ ርክባት ምስ ስድራቤት( ስለቲረሕም) ነበረ

ኣቡሁረይራ ሓደ መዓልቲ ኣብ መንገዲ እንዳ ከደ እንኮሎ ክልተ ሰብኡት ረኸበ እቲ ሓደ ብዕድመ ድፊእ ዘበለ እቲ ሓደ ድማ ንእስ ዝበለ ነበረ ነቲ ንእስ ዝበለ እዚ ሰብኣይ እንታይካ እዩ ኢሉ ሓተቶ

በሎ ኣቦይ

ኣቡሁረይራ ይብል _ብሹሙ ኣይትጸውዓዮ ማለት በል ( ኣቦይ ወይ ባባ )

_ቅዲሚኡ ኣይትሰጉም ( ኣይትኺድ )

_እሱ ኮፊ ከይበለ እስኻ ቀዲምካዮ ኮፊ ኣይትበል በሎ

*ኣብሁረይራ ሕማም ናይ ሞት ምስ ሓዞ በኺዩ ንምንታይ ትበኪ ኣለኻ ያኣቡሁረይራ ኢሎም ሓተትዎ

*ኣቡሁራይራ ይብል

_ኣነ ኣይበኪን እየ ብዛዕባ ኣዱንያኹም

_ኣነ ዘብኪየኒ ዘሎ ብዛዕባ ኑሑቅ መገሻይ

_እሞ እቲ ውሕድ ስንቀይ ( ዓመለይ )

_ ኣብ መጨረሽታ መንገዲ በጺሐ

_ኣብ ጀና ድየ ወይስ ኣብ ጀሃነብ

_ኣበይ ሙኻነይ ግን ኣይፈልጥን እየ በለ

_በዚ ሕማም ኸኣ ኣብሁራይራ ካብዛ ኣዱንያ ተሰናበተ(ሞተ)

ረቢ ይርሓመሉ ኣቡሁረይራ

ብሰፊሕ ራሕመቱ

ታርኽ ኣቡሁራይራ ኣብዚ ንድምድም እንሸኣላህ ኣብ ቀጻሊ ጊዜ ብኻልእ ትሕዝቶ የራኽበና ንሕና ድማ ኣብነቶም ተኸተልቲ ይግበረና ኣሚን

ወቢላሂ ተውፊቅ

*ካብ ሓፍትኹምም ፈላህ ፎዚያ ሓሰን ኣማን*

***بشرا سـارة***

لكـل من يـهتم بدينـهي , لقد أفتوتح دروس يومي بشيوخ بللوغة عربية وتجرنـة على الموق

www.Paltalk.com

Eritrean Society في غرفت

المذ يد منل الأستفسـار يرجه بزيارة الموقع

**www.eritrean.org.**

***ዘሕጉስ ዜና***

ንኹል ሓው ሓፍቲ ብዛዕባ ዲኑ ትምህርቲ ክቀስም ንዝደሊ ብዓረብን ትግርኛን ዝዋሃብ ማዓልታዊ ኣስትምህሮ (ደርስ) ብዝተፋላለዩ መሻይኽ ኣብ ፓልቶክ www.Paltalk.com ኣቲኹም ብኤርትርያን ሶሳይቲ Eritrean Society ዝብል ገዛ ክትካፈሉን ክትሰምዑን ሕትታት ከተቅርቡ ከምእትኽእሉን ክንሕብረኩም ንፈቱ:: ንተውሳኺ ሓቤሬታ ፕሮግራም ኣብ www.Eritrean.org ተወከሱ::




**دعـاء اليـوم**

لا إله إلا أنت سبحانك

إني كنت من الظالمين

**سبحان الله، والحمدلله،**
**ولا إله إلا الله و الله أكبر**
**أستغفر الله العظيم التواب الرحيم**
**لذنوبي وللمسلمين والمسلمات**
**والمؤمنين والمؤمنات**
**الاحياء منهم و الاموات**
**ألى يوم الدين**

# Tigrigna Rätsal

| | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | | | | | | | | | | | d | | | | | | | | | | | | | |
| | | | | | | | | | | | ጂ | | | | | | | | | | | | | |
| | | | | | | | b | | | | ብ | | | | | | g | | | | | | | |
| | | | a | | | | ኢ | | | c | ሪ | | | | | f | ኑ | h | | | | | | |
| | | ث | ሙ | ዓ | ዝ | እ | ብ | ኒ | ጆ | በ | ል | | | e | ط | ኣ | ሕ | መ | ደ | ነ | ጋ | ሽ | | |
| | | | ሓ | | | | ራ | | | ድ | | | س | ቁ | ረ | ሽ | | ዲ | | | | | | |
| | | | መ | | | | ሂ | | | ር | | | | ር | | ሃ | | ና | | | | | | |
| ا | ዳ | ው | ድ | | | | ም | | | | p | | | ኣ | | ድ | | ቱ | | | | | | |
| | | | ረ | | | | | | | ز | ዑ | ስ | ማ | ን | | ኣ | | ል | | q | | i | | |
| | | ب | ሱ | መ | ያ | | | | | | መ | | | | | ና | ش | ሙ | ሳ | ከ | ሊ | መ | ላ | ህ |
| | | | ል | | ج | ኣ | ል | ካ | ወ | ስ | ር | | | | | ኢ | | ነ | | ዲ | | ስ | | |
| | ث | ቢ | ላ | ል | | k | | | | | L | | | | | ላ | | ወ | | ጃ | ص | ዓ | ባ | ስ |
| | | | ህ | | ح | ዓ | ኢ | ሻ | | | ኣ | | | | | ሃ | | ራ | | | | ብ | | j |
| | | | | | | ሊ | | | | | ቡ | | | | | ኢ | | n | | | | እ | | ኣ |
| | | | m | | | | | | | | ሱ | | | | | ለ | | ሱ | | | | ብ | | ቡ |
| | | خ | ቃ | ር | ሒ | ራ | እ | | د | ሶ | ፊ | ያ | | | | ላ | | ረ | | | | ኒ | | ና |
| | | | ር | | | | | | | | ያ | | | | | ህ | | ቱ | | | | ዒ | | ኣ |
| | | | ሰ | | | ذ | ሱ | ለ | ይ | ማ | ን | | | | | | | ል | | | | መ | | ደ |
| | | | ው | | | | | | | | | O | | | | | | ዓ | | ض | መ | ር | የ | ም |
| | | | ር | | | | | | | | | ኣ | | | | | | ለ | | | | | | |
| | | | | | | | | | | ر | ኣ | ቡ | በ | ከ | ር | ስ | ዲ | ቕ | | | | | | |
| | | | | | | | | | | | | ጣ | | | | | | | | | | | | |
| | | | | | | | | | | | | ል | | | | | | | | | | | | |
| | | | | | | | | | | | | ብ | | | | | | | | | | | | |
| | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | |
| | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | |
| | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | |
| | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | |
| | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | | |

***ንቁልቁል(a b c …)***

a - ሳዲቂል ኣሚን
b - ኽሊል ተባሃሉ ዝጽዋዕ
c - ናይ መጀመሪያ ውግእ
d - ሉኡክ ናይ ሰማይ
e - ሙዕጂዛ ናይ ረሱል
f - ሓንቲ ካብቲ ዓንዲ ናይ እስልምና
g - ወደይ ዝበለ ነቢ
h - መስግድ ረሱል
i - ቅድሚ ሂጄራ ንመዲና ዝተላኣኹ
j - ኣቦን ኣደን ዘይብሉ ፈጥረት
k - ብዕሽልነቱ ኣብ እስልምና ዝኣተወ
l - ዘዕም ናይ ቁረሽ
m - ረሱል ዝተሓበኡላ ቦታ
n - መጀመሪያ ዝወረደት ሱራ
o - ንረሱል ዝዳፉዓሎም ዝነበረ
p - ፉሩቕ ተባሂሉ ዝፈለጥ
q - ኣብ ጎኒ ረሱል ኮይና ዘበራትዕት

***ንጎኒ ( ..      ت ب ا )***

ا - በይተልምቅደስ ዝበነየ ( ዝነደቀ )
ب - ናይ መጀመሪያ ሸሂዳ
ت - ናይ መጀመሪያ ኣዛናይ
ث - ሓራምን ሓላል ዝፈልጥ ሳሓቢ
ج - ኣብ ጀና ዝርከብ ወሓዚ
ح - ሲዲቃ ቢንቲ ስዲቕ
خ - ፈለማ ዋሕይ ዝወረደላ ቦታ
د - መጀመሪያ ንሙሽሪክ ዝቀተለት ሰበይቲ
ذ - ንንፋስ ክእዚዝ ክእለት ዝተዋሃቡ
ر - ቀዳማይ ኣብ እስልምና ዝኣተወ
ز - ዘኑረን ተባሂሉ ዝፈለጥ
س - ዘርኢ ናይ ረሱል
ش - ምስ ፈርዖን ዝዓበየ
ص - ዓሚ ረሱል  ሰ.ዓ.ወ.
ض - ወዳ ብማማዩ ዝተዛረበ
ط - ንረሱል ብውኪል ዘዕቀዶ

ኣቕራቢት ሓፊትኹም ፊላህ

ፎዚያ ሓሰን ኣማን

# لطائف رمضانية

بسم الله الرحمن الرحيم

الحمد لله والصلاة والسلام على خير خلق الله , نبينا محمد وعلى آله وصحبه ومن والاه . أما بعد : فقد جاء في الحديث المتفق عليه أنه النبي صلى الله عليه وسلم قال : (( تسحروا فإن في السحور بركة )) .

ففي هذا الحديث العظيم يأمر النبي صلى الله عليه وسلم بالتسحر الذي هو الأكل والشرب وقت السحر , استعداداً للصيام , ويذكر الحكمة فيه وهي حلول البركة .
والبركة هي نزول الخير الإلهي في الشيء , وثبوته , وهي الزيادة في الخير , والأجر , وكل ما يحتاجه العبد من منافع الدنيا والآخرة .

ومما يلاحظ على بعض الصائمين أنه لا يأبه بوجوبه السحور , ولا بتأخيرها , فربما تركها البتة , وربما تناولها في منتصف أو قبل أن ينام , إما خوفاً من عدم القيام , أو لرغبته في النوم فترة أطول , أو لقلة مبالاته بالسحور مباركاته , أو لجهله بذلك , أو نحو ذلك من الأسباب الأخرى .
وهذا خطأ ينبغي للصائم تلافيه , لما فيه من مخالفة السنة , وحرمان بركات السحور , فحري بالصائم أن يتسحر , وأن يؤخر سحوره إلى ما قبل الفجر ولو كان السحور قليلاً , لما في ذلك من الخيرات والبركات العظيمة وإليك أيها الصائم الكريم نبذة عن بعض البركات , والخيرات والأسرار الحاصلة بالسحور :

أولاً : أنه استجابة لأمر الرسول صلى الله عليه وسلم وكفى بذلك فضلاً وشرفاً .. قال الله - : { من يطع الرسول فقد أطاع الله } , وقال : { وما آتاكم الرسول فخذوه } , وقال : { ومن يطع الله ورسوله فقد فاز فوزاً عظيماً } .

ثانياً : أن السحور شعار المسلمين , وأن فيه مخالفة لأهل الكتاب , فهو فصل ما بين صيامنا وصيامهم . وقال عليه الصلاة والسلام فيما رواه مسلم : (( فضل ما بين صيامنا وصيام أهل الكتاب أكلة السحر)) .

ثالثاً : حصول الخيرية والمحافظة عليها , فعن سهل ابن سعد ألساعدي – رضي الله عنه – أن النبي صلى الله عليه وسلم قال : (( لا يزال الناس بخير ما عجلوا الفطر وأخروا السحور )) [رواه البخاري ومسلم] .

رابعاً : أن في السحور تقوية على الطاعة , وإعانة على العبادة وزيادة في النشاط والعمل , فإن الجائع الظامئ يكسل عن العبادة والعمل .

خامساً : حصول الصلاة من الله وملائكته على المتسحرين , فعن ابن عمر – رضي الله عنه – مرفوعاً : (( إن الله وملائكته يصلون على المتسحرين )) [ رواه ابن حبان , والطبراني في الأوسط , وحسنه الألباني ] .

سادساً : أن في السحور مدافعة لسوء الخلق الذي يثيره الجوع .

سابعاً : أن وقت السحور وقت مبارك , فهو وقت النزول الإلهي – كما يليق بجلاله – وهذا وقت إجابة الدعوات , وإقالة العثرات , قال صلى الله عليه وسلم (( ينزل ربنا إلى سماء الدنيا كل ليلة حين يبقى ثلث الليل الآخر فيقول : من يدعوني فأستجيب له , من يسألني فأعطيه , من يستغفرني فأغفر له )) متفق عليه .

ولهذا ترى خواص المؤمنين يتعرضون في هذا الوقت الجليل لألطاف ربهم ومواهبه , فيقومون لعبوديته خاشعين , متضرعين , داعين يرجون منه حصول مطالبهم التي وعدهم بها على لسان رسوله صلى الله عليه وسلم فالذي يقوم للسحور حري به أن يحصل على هذه الفائدة العظيمة .
ثامناً : أن وقت السحر من أفضل أوقات الاستغفار إن لم يكن أفضلها , كيف وقد أثنى الله – عز وجل – على المستغفرين في ذلك الوقت بقوله : { والمستغفرين بالأسحار } وقوله : (( وبالأسحار هم يستغفرون )) . فالقيام للسحور سبب لإدراك هذه الفضيلة , ونيل بركات الاستغفار المتعددة .

تاسعاً : أن تناول السحور أضمن لإجابة المؤذن بصلاة الفجر , ومتابعته , ولا يخفى ما في ذلك من الأجر والثواب .

عاشراً : أنه أضمن لإدراك صلاة الفجر في وقتها مع الجماعة , لأن النائم قد تفوته صلاة الفجر . وهذا مشاهد , فإن عدد المصلين في صلاة الصبح مع الجماعة في رمضان أكثر من غيره , من أجل السحور.

حادي عشر : أن تناول السحور – في حد ذاته – عبادة إذا نوى بها التقوى على طاعة الله , والمتابعة لرسوله صلى الله عليه وسلم .

ثاني عشر: أن الصائم إذا تسحر لا يمل إعادة الصيام, بل يشتاق إليه, خلافاً لمن لم يتسحر , فإنه يجد حرجاً ومشقة يثقلان عليه العودة إليه .

ثالث عشر : أن الله – عز وجل – يطرح البركة في عمل المتسحر , فحري به أن يوفق لأن يعمل أعمالاً صالحة في ذلك اليوم , فلا يثقله الصيام عن أداء الصلوات , ولا الآيتان بالأذكار , ونوافل العبادات والأمر بالمعروف , والنهي عن المنكر , بخلاف ما إذا ترك السحور , فإن الصيام يثقله عن الأعمال الصالحة .

هذه البركات المتلمسة من التسحر , وبالجملة فإن بركات السحور كثيرة , ولا يمكن الإتيان عليها , والإحاطة بها , فلله – عز وجل – في شرعه حكم وأسرار تحتار فيها العقول , وقد لا تحيط منها إلا بأقل القليل .

فحري بنا أن نستحضر هذه المعاني العظيمة وألا نضيع هذه الخيرات الكثيرة , وجدير بنا أن نتواصى بالخير , وأن نذكر أنفسنا وإخواننا بالبر , فنكون بذلك ممن يستمعون القول فيتبعون أحسنه ..
اللهم أنزل علينا من بركاتك , وأدم علينا خيراتك , ووفقنا للعمل بكتابك , وسنة نبيك صلى الله عليه وسلم وآخر دعوانا أن الحمد لله رب العالمين ..

## ***Ramadan***

As Salamu Alaikum Wa RahmetALLAHi Wa Barakatuh liebe Brüder!

Ich wurde gebeten einen kleinen Vortrag für heute vorzubereiten. Da ich so was bis jetzt noch nicht gemacht habe, hoffe ich das es Insha'ALLAH gut sein wird. Ich bin weder ein Alim noch ein Wissender Mensch, ich hoffe sehr dass ich nichts falsches sagen werde. Alles Richtige in diesem kleinen Vortrag ist von Allah, alles falsche sind meine eigenen Fehler und die Einflüsterungen des Shaitan. Möge Allah es annehmen

Bismillahi-r-Rahmani-r-Rahim

Ich werde mit den Worten Muhammads (s.a.s.) beginnen
**"Ein gesegneter Monat ist zu euch gekommen. In ihm hat Allah das Fasten für euch zur Pflicht gemacht. In ihm werden die Tore des Paradieses geöffnet, die Tore der Jahîm geschlossen und die Satane in Ketten gefesselt. In ihm gibt es eine Nacht, die besser ist als tausend Monate. Wer den Segen dieser Nacht verpasst, der hat (einen enormen) Verlust erlitten."**

Wollen wir diesen Hadith kurz besprechen. **Ein gesegneter Monat ist zu euch gekommen.** Ja Wahrlich, ein segensreicher Monat ist zu uns gekommen. Ein Monat den wir auf die beste Weise nutzen sollten. Ein Monat wie es keinen anderen gibt. **In ihm werden die Tore des Paradieses geöffnet, die Tore der Jahîm geschlossen und die Satane in Ketten gefesselt.** Subhan'ALLAH, die Tore des Paradieses werden in diesem Monat geöffnet. Ya Muslim, nutze deine Zeit wirklich gut, denn Subhan'ALLAH die Tore des Paradieses werden geöffnet. Und Subhan'ALLAH, die Tore der Jahim werden geschlossen und die Satane in Ketten gelegt. Möge Allah uns nur gutes tun lassen. Man sieht diese Besonderheit des Ramadan auch bei vielen Muslimen. Bei Muslimen die das ganze Jahr sehr wenig mit dem Deen zu tu haben, versuchen dann aber umso mehr in diesem Monat sich an die Gebote und Verbote zu halten. Möge Allah es uns allen erleichtern, möge Allah unsere guten Taten annehmen und alles schlechte von uns fernhalten, Amin.

Ya Akhuan, liebe Brüder, nutzt diesen Segensreichen Monat mit gebeten. Betet wie ihr sonst nicht betet, betet auf das es euch reichlich vergolten wird. Ich kann euch nur ans Herz legen so viel zu beten wie ihr im Stande seid, denn Muhammad (s.a.s.) sagte: "**Wer immer - aus dem Glauben heraus und aus der Hoffnung auf den Lohn Allahs - diesen (Monat) im Beten verbringt, dem werden seine vergangene Sünden vergeben.**" Subhan'ALLAH, seine vergangenen Sünden werden einem vergeben. O Allah, lass uns zu denen gehören die diesen Monat mit Gebeten vollbringen werden und zu denen gehören denen Du Insha'ALLAH ihre Sünden vergeben wirst. O Allah gib uns die Kraft und den Willen das wir

viele Gebete um deinen Willen vollbringen werden. Amin

O lieber Brüder, nutzt diesen Monat um viel Dua’ zu machen. Wirklich, nutzt eure Zeit gut, denn ALLAHu A3lam, wer weiß wann eure Stunde kommt. Nutzt eure Zeit für Gebete, nutzt eure Zeit für Dua’, nutzt eure Zeit für gute Taten, denn unser Schicksal kann uns in jedem Moment treffen. Subhan’ALLAH, wisst ihr was mit dem Dua’ eines fastenden passiert? Wisst ihr das? Muhammad (s.a.s.) sagte "**Dem Fastenden steht ein Bittgebet (Duâ) zu, das (von Allah) nicht zurückgewiesen wird.**" Subhan’ALLAH ein Dua’ das nicht zurückgewiesen wird. Ya Akhuan macht viel Dua’, macht viel Dua’, denn es wird Insha’ALLAH nicht zurückgewiesen. Und denkt bei euren Dua’ nicht nur an euch. Im Gegenteil macht viel Dua’ für die anderen. Denn wisst ihr wenn ihr z.B. für eure Kinder ein Dua’ macht, das Allah sie in sein Paradies eingehen lassen soll, dann sagen die Engel „Dasselbe für dich auch“. Subhan’ALLAH, also wenn wir für andere Dua’ machen nützt es ihnen und uns auch. Also nützt eure Zeit liebe Brüder, um viel Dua’ zu machen, möge Allah es annehmen, Amin.

Liebe Brüder, seid Großzügig in diesem Monat. Großzügig an guten Dingen. Spendet wenn ihr in der Lage seid, sprecht nur gute Dinge, zeigt eure beste Lebensweise. Subhan’ALLAH wisst ihr wer der Großzügigste aller Menschen war? Subhan’ALLAH es war unser geliebter Prophet Muhammad (s.a.s.). Und wisst ihr wann er den Höhepunkt seiner Großzügigkeit erreichte? Subhan’ALLAH es war im Ramadan. Denn Ibn Abbas berichtete, **Der Gesandte Allahs (s.a.s.) war der Großzügigste unter allen Menschen, und den Höhepunkt seiner Grosszügigkeit erreichte er im Ramadân, wenn ihm Gibrail (a.s.) begegnete. Diese Begegnung mit ihm fand in jeder Ramadân-Nacht statt; denn Gibrail (a.s.) pflegte ihn zu jeder Zeit im Qur´an zu unterweisen. Wahrlich, der Gesandte Allahs (s.a.s.) war im Hergeben von guten Dingen schneller als der unhaltbare Wind**. Subhan’ALLAH er war im Hergeben schneller als der Wind, Subhan’ALLAH. Und wie schnell sind wir??? O liebe Brüder, gibt von dem was ihr geben könnt. Sammelt keine Schätze auf, denn Subhan’ALLAH wenn euch die Stunde trifft dann nützen euch diese Schätze nichts mehr. Und spendet Brüder, ja spendet. Wartet damit nicht ab, bis euch z.B. morgen ein Schicksal trifft. Denn wenn ihr im Sterben liegt und dann euer ganzes Geld spendet, so wird es im vergleich zu dem Zeitpunkt als ihr Gesund wart viel weniger Wert sein. Spendet zu euren Lebzeiten, denn Muhammad (s.a.s.) sagte, **„Wenn jemand zu seinen Lebzeiten ein Almosen in der Höhe eines Dirhams ausgibt, ist es besser für ihn, als wenn er einhundert davon als Almosen im Sterben spendet“.** Subhan’ALLAH, wartet also mit eurem Spenden nicht ab bis euch ein Schicksalsschlag trifft. Spendet wie ihr könnt, denn sieht, ein Dirham zur Lebzeit ist besser als wenn ihr einhundert Dirham spendet, wenn ihr im sterben liegt.

Viele von uns nehmen jeden Morgen vor der Morgendämmerung noch eine kleine Mahlzeit ein. Die meisten haben dabei die Absicht, dass es für sie eine Stärkung für den Tag sein wird. Das man dadurch den Hunger besser überstehen wird. Aber Subhan’ALLAH, wusstet ihr das es eine segensvolle Mahlzeit ist? Subhan’ALLAH wir Stillen unseren Hunger bzw. bereiten uns dadurch auf das fasten vor und es ist eine Segensreiche Mahlzeit. Subhan’ALLAH, so viel Erbarmen hat Allah mit uns. Und sind wir denn Dankbar genug? Subhan’ALLAH nein, die meisten sind nicht Dankbar. Wir haben einen gesunden Körper, wir haben gesunde Augen, wir haben einen Gesunden Verstand, wir haben ein gesundes Gehör, gesunde Familie usw., aber wie oft danken wir dafür? Subhan’ALLAH, möge Allah uns noch viel Dankbarer vorfinden. Muhammad (s.a.s.) pflegte zu beten bis seine Füße risse bekamen. Aischa fragte ihn dann warum er das mache, denn Allah hat ihm ja seine vergangenen und künftigen Sünden vergeben. Muhammad (s.a.s.) sagte nur, O Aischa, soll ich nicht ein Dankbarer Diener sein. Subhan’ALLAH, alle Sünden wurden ihm vergeben und er ist so sehr Dankbar. O Allah, lass uns Muhammad (s.a.s.) zum Vorbild nehmen, denn in Muhammad (s.a.s.) haben wir das beste Vorbild. O Allah, lass uns noch viel Dankbarer sein, als wir es sind.

Und liebe Brüder, verbringt diese Zeit viel mit eurer Familie, mit Freunden und Geschwistern. Seid zusammen in der Jama’a, stärkt die liebe unter euren Geschwistern. Ladet Muslime ein bei euch Iftar zu machen, und gibt besten Herzens

den Geschwistern von eurem Essen. Denn wahrlich, wer einen fastenden zum Fastenbrechen mit essen versorgt, der bekommt vieles. Denn Subhan'ALLAH **wer einen Fastenden mit Essen zum Fastenbrechen versorgt, dem wird der gleiche Lohn des Fastenden berechnet, ohne jegliche Minderung des Lohnes für den Fastenden.** Subhan'ALLAH, man muss ihm nur mit essen versorgen und man bekommt den gleichen Lohn.

O liebe Brüder wisst ihr was Ar-Rayyan ist? Subhan'ALLAH, es ist eines von acht Toren im Dschanna, durch das nur die fastenden eintreten werden. Subhan'ALLAH so wichtig ist das fasten für uns, das es sogar im Dschanna ein Tor nur für die fastenden gibt. Wisst ihr was Muhammad (s.a.s.) über dieses Tor erzählte? Er (s.a.s.) sagte: "**Es gibt im Paradies ein Tor, das Ar-Rayyan heißt, durch das die Fastenden am Tage der Auferstehung eintreten werden, und kein anderer außer ihnen wird hindurch eintreten. (An jenem Tage) wird ausgerufen: »Wo sind die Fastenden?« Da stehen diese dann auf, und sonst kein anderer außer ihnen wird hineintreten. Wenn sie darin sind, wird das Tor geschlossen, und danach tritt keiner mehr durch dieses ein.** " O Allah lass uns zu denen gehören die durch dieses Tor ins Dschanna eintreten werden, Amin.

Und liebe Brüder, so sehr ihr euch im Ramadan anstrengt, versuch euch in den letzten Tagen noch viel mehr anzustrengen. Versucht so viel Zeit wie möglich, die letzten zehn Tagen in der Moschee zu verbringen, folgt dem Beispiel Muhammads, denn aischa berichtete **dass sich der Gesandte Allâhs (s.a.s.) im Ramadân mehr als in jedem Monat dem Gebet hingegeben hatte und dass er sich in den letzten zehn Nächten des Ramadâns noch mehr angestrengt hatte als zu jeder anderen Zeit.** Und gedenkt der einen Nacht, der einen Nacht die besser ist als Tausend Monate. Subhan'ALLAH eine einzige Nacht ist besser als 1000 Monate. **Wer den Segen dieser Nacht verpasst, der hat (einen enormen) Verlust erlitten.** Subhan'ALLAH, tut alles das ihr diesen Enormen Verlust nicht erleiden müsst.
O liebe Brüder nützt diese Nacht für Gebete, wahrlich das ist die Nacht der Macht.
Denn Muhammad (s.a.s.) sagte selbst "**Wer immer - aus dem Glauben heraus und aus der Hoffnung auf den Lohn Allâhs - die Nacht der Macht (Lailat-ul-Qadr) im Beten verbringt, dem werden seine vergangenen Sünden vergeben.**" Allahu Akbar seine vergangenen Sünden werden vergeben. Nützt diese Nacht, wie es keine zweite gibt, nützt sie! Neigt euch nicht dem Schlaf wenn ihr Müde seid, verbringt diese Nacht in Gebeten. Stellt euch selbst die Frage! Wie viele Überstunden würdet ihr in der Arbeit machen, wenn euer Chef euch sagen würde, ihr bekommt den dreifachen Gehalt. Viel würdet ihr machen oder? Und jetzt überlegt mal, wie winzig dieser Gehalt ist, im Vergleich zu dem Gehalt bzw. den Schätzen die ihr im Dschanna vorfinden werdet, und wie wenig Überstunden ihr für die Schätze im Dschanna macht? Subhan'ALLAH macht Überstunden um Allahs Willen, auf dass ihr die Schätze im Dschanna bekommen werdet.

Subhan'ALLAH wusstet ihr das man ein Anrecht darauf bekommen kann, ins Paradies zu kommen? Denn Muhammad (s.a.s.) sagte selbst "**Wer an Allâh und Seinen Gesandten glaubt, das Gebet verrichtet und im Ramadân fastet, der hat gegenüber Allâh ein Recht darauf, dass Er ihn ins Paradies eintreten lässt, gleichwohl, ob er auf dem Weg Allâhs den Jihâd unternahm oder in seinem Land daheim saß, wo er geboren wurde.**" Subhan'ALLAH, man hat gegenüber Allah ein Recht darauf, Subhan'ALLAH. Wisst ihr was das heißt? Wisst ihr das? Wir haben Dem gegenüber, Der uns erschaffen hat ein Anrecht. Wallahi Brüder, tut alles das ihr dieses Recht erhalten werdet.

Am Ende möchte ich euch noch daran erinnern, im Monat Schawwal sechs Tage zu fasten. Denn Allahs Gesandter sagte, "**Wer im Monat Ramadân gefastet hat und danach sechs Tage im (darauffolgenden) Monat Schawwâl fastet, der (erhält soviel Lohn) als ob er das ganze Jahr gefastet hätte.**" Subhan'ALLAH so Barmherzig ist Allah, wir fasten 36 Tage, bekommen aber den Lohn als hätten wir das ganze Jahr gefastet. Möge Allah unser fasten um seines Willen annehmen, Amin.

Beenden möchte ich meinen bescheidenen Vortrag, mit einem hadith Qudsi
**"Allah sagte:**
**"Jede (gute) Tat, die der Sohn Adams begeht,**

**ist für ihn selbst (vorteilhaft). Nur das Fasten**

*Gis. P.O.Box,101344, 42103 Wuppertal*

**begeht er Meinetwegen, und die Belohnung dafür wird nach Meinem Ermessen gemacht." Das Fasten ist (für den Menschen) ein Schutz; so soll der Mensch während seines Fastentages weder Schändlichkeiten noch trubelhaftes Treiben begehen; und wenn jemand ihn zum Zweikampf auffordert oder beschimpft, soll er ihm sagen: "Ich bin ein fastender Mensch." Ich schwöre bei Dem, in Dessen Hand das Leben des Muhammad ist, dass der Geruch aus dem Mund eines Fastenden bei Allah besser ist als der von Moschus. Dem Fastenden stehen zwei Freuden bevor: Wenn er sein Fasten bricht, ist er voller Freude; und wenn er seinem Herrn (am Tage des Jüngsten Gerichts) begegnet, freut er sich über das ihm geleistete Fasten!<<** La Haula Wala Quwata Illa Billah, alles gute was wir machen ist für uns selbst vorteilhaft, aber Subhan'ALLAH, das fasten ist für ALLAH. Möge Allah uns Reichlich dafür belohnen. Subhan'ALLAH, das fasten ist für uns ein Schutz. Nicht die Polizei oder Waffen beschützen uns, nur Allah, Allahu Akbar. Subhan'ALLAH für einige Menschen wird der Geruch aus dem Mund eines fastenden vielleicht wie übler Mundgeruch erscheinen, aber Subhan'ALLAH, bei Allah ist er wohlriechender als der Duft von Moschus, Subhan'ALLAH. Allahu Akbar, wir freuen uns auf unser Fastenbrechen im irdischen Leben, und wir werden uns auf das fasten freuen, wenn wir Allah begegnen werden, Subhan'ALLAH. Möge Allah uns das fasten erleichtern und annehmen.



Dschazakum ALLAHu Khairan für das zuhören lieber Brüder. Möge Allah diesen Bescheidenen Beitrag annehmen und uns den Weg zum Dschanna erleichtern.

O Allah! Wahrlich Du bist Der Allvergebende, und Du liebst die Vergebung, so vergib uns!

O Allah, mache zwischen uns und unseren Sünden eine Entfernung wie solche, die Du zwischen dem Osten und dem Westen gemacht hast, o Allah, mache uns von allen Sünden frei, wie ein weißes Kleid, das vom Schmutz gereinigt wird, o Allah, wasche unsere Sünden ab mit Wasser, Schnee und Hagel

O Allah, Dir ergeben wir uns, auf Dich vertraue wir, an Dich glauben wir, zu Dir kehren wir bußfertig zurück, wegen Dir streiten wir mit anderen, und Dich nehmen wir zum Richter aller Dinge. So vergib uns alles, was wir begangen haben, und was wir noch begehen werden sowie was wir im Geheimen verbergen, und was wir offenkundig tun. O Allah vergib uns.

O Allah, lass uns sowohl zu jenen gehören, die voller Freude sind, wenn sie Gutes schaffen, als auch zu jenen gehören die um Vergebung bitten, wenn sie Übeltaten begangen haben

O Allah! Wahrlich, wir haben uns selbst viel Unrecht zugefügt, und keiner ist da, der die Sünden vergibt, außer Dir; so vergib uns und mache dies als eine bescherte Vergebung von Dir, und erbarme Dich unser; denn Du bist wahrlich Der Allvergebende, Der Allbarmherzige

O Allah, vergib unseren Toten und Lebenden, unseren Jungen und Alten, unseren Männern und Frauen, den Anwesenden von uns und den Abwesenden. O Allah. Wen von uns Du am Leben lässt, den lass als Muslim leben. Und wen von uns Du hinscheiden lässt, den lass als Gläubigen hinscheiden.

*Abu Yousuf*